# ኣብ መን'ዮም እቶም ክታበት ኮቪድ-19 ተፈቲኖም፧

14 ኣፕሪል 2021

ቅድሚ ክታበት ኣብ ግብሪ ንክውዕል ምጽዳቑ ከም ዝሰርሕን ውሑስ ምዃኑን ንምርግጋጽ ኣብ ብዙሓት ሰባት ይፍተን። እዚኣቶም ከኣ ክሊኒካዊ ፈተናታት ይበሃሉ። እቶም ንኮቪድ-19 ክታበት ዝፈተኑ ሊቃውንቲ ኣብ መጽናዕቶም፡ ሰፊሕ ዝርግሐ ናይ ዓሌታትን መበቆልን ብዙሕነት ናይ ሰባት ዘጠቓልል መጽናዕቲ ኣካይዶም።

## ስለምንታይ ኢዮም እዞም ክታበት ኣብ ዝተፈላለዩ ድሕረ ባይታ ናይ ሰባት ተመርኲሶም ተፈቲኖም?

መጽናዕቲ ክታበት፡ ኣብ ወለንታውያን ናይ'ቲ ካብ'ቲ ክታበት ዝወሰድ ህዝቢ ክኾኑ ኣገዳሲ ኢዩ። እቶም ንክታበት ኮቪድ-19 ዝፈተኑ ሊቃውንቲ፡ ጸዓዱ ዘይኮኑ ሰባት ብምኽንያት ጸገማት ኣገልግሎት ጥዕና ዘይምርካብ፡ እቶት፡ ትምህርቲ፡ ስራሕን ውሑስ መንበርን ብኮቪድ-19 ኣብ ልዑል ሓደጋ ሕማምን ሞትን ከም ዝኾኑ ይፈልጡ ኔሮም። በዚ ምኽንያት ከኣ ኣብ መጽናዕቶም ጸዓዱ ዘይኮኑ ሰባት ከሳትፉ ኮነ ኢሎም ጻዕሪ ኣካይዶም። እዚ ኹኣ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ካብ መልከፍቲ ኮቪድ-19 ንምክልኻል ዕድል ይህብ።

## ኣብ'ቲ ናይ ክታብት መጽናዕቲ፡ ክሳብ ክንደይ ኢዩ ናይ ሰባት ብዙሕነት ኔርዎ?

ሊቃውንቲ ነቲ ናይ ኮቪድ -19 ክታበት (እዞም ኣብ'ዚ እዋን ኣብ ካናዳ ዝጸደቑ) ኣብ ኣሽሓት ዝተፈላለዩ ዓሌታትን መበቆልን ዘለዎም ሰባት ፈቲኖም። እዚ ሰደቓ ክሳብ ክንደይ ናይ ህዝቢ ብዙሕነት ከም ዝነበሮ የርኢ።

| ርእሰ-ግሉጽ ዓሌታዊ ወይ መበቆላዊ ድሕረ ባይታ | ክታበት ሞደርና | ክታበት ፒ ፋይዘር ባዮ ኤን ቴክ | ክታበት ጆንሰን ጆንሰን | ክታበት ኣስትራዘኒካ |
|---|---|---|---|---|
| ጸዓዱ | 79% | 83% | 62% | 79% |
| ጸለምቲ ወይ ጸለምቲ ኣሜሪካውያን | 10% | 9% | 17% | 8% |
| ኤሳውያን | 5% | 4% | 4% | 4% |
| ደቀባት (ኣሜሪካውያን ህንዳውያን ወይ ደቀባት ኣላስካ) | 0.8% | 0.5% | 8% | 4% |
| ደቀባት ሃዋይ ወይ ደሴታት ፓስፊክ | 0.2% | 0.2% | 0.3% | -- |
| ሓንፈጽ | 2% | 2% | 45% | -- |
| ሂስፓኒክ/ላቲኖ | 21% | 28% | 45.% | 22% |
| ካልእ | 2% | -- | 5% | -- |
| ጸብጻቡ ዘይቀረበ/ ዘይተፈልጠ | 0.9% | 0.6% | 3% | -- |

** እዚኦም ኣብ ስነ-ፍልጠታዊ መጽናዕቲ እንጥቀመሎም ስያመ ኢዮም። ገለ ተስተፍቲ ብካብ ሓደ ንላዕሊ ዓሌታዊ ወይ መበቆላዊ ድሕረ ባይታ ከም ዘለዎም ተለልዮም።*



መጽናዕቲ ክታበት ሞደርና ኣብ ኣሜሪካ ክካየድ ከሎ መጽናዕቲ ፒ ፋይዘር ባዮ ኤን ቴክ ከኣ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ኣርጀንቲና፡ ብራዚል፡ ጀርመን፡ ደቡብ ኣፍሪቃን ቱርክን ተኻይዱ።

እቲ ናይ ጆንሰን ጆንሰን መጽናዕቲ ከኣ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፡ ብራዚል፡ ደቡብ ኣፍሪቃን ከምኡ ውን ኣብ ሓሙሽተ ሃገራት ደቡብ ኣሜሪካ(ኣርጀንቲና፡ ቺለ፡ ኮሎምቢያ፡ ፔሩን ሜክሲኮን) ተኻይዱ።

ዝርዝራዊ ትንታነ ናይ ክታበት ኣስትራዘኒካ ድምራዊ መጽናዕቲ ኣብ 88 ማእከላት ናይ ኣሜሪካ፡ ፔሩን ቺለን ተኻይድሉ።

## እዞም ክታበት ኣብ ዝተፈላለዩ ዓሌታትን ዝተፈላለየ መበቆልን ዘለዎም ሰባት ብሓደ መንገዲ'ዶ ሰሪሖም፧

እወ። እቲ ፈተነ፡ እቲ ክታበት ኣብ ምክልኻል ሕማም ኮቪድ-19 ውጽኢታዊ ምንባሩ ኣርእዩ። ኣብ ዝተፈለዩ ዓሌታትን ዝተፈለየ መበቆል ዘለዎም ሰባትን ብማዕረ ውጽኢታውያን ኔሮም።

ካብ ሚያዝያ 14 ጀሚሩ ኣብ መላእ ዓለም ካብ ዝርከብ ህዝቢ ማለት፡ ቻይና፡ ሜክሲኮ፡ ባንግላድሽን ደቡብ ኣፍሪቃን ሓዊስካ ክሳብ 825 ሚልዮን ናይ ዘተፈላለዩ ክታበታት ዓቐናት ረኺቦም። ጕሉሕ ንድሕነት ዘሻቕል ኩነታት ኣይነበሮን።



እዚ ቡለቲን ሓጋዚ ኮይኑ ክትረኽብዎ ተስፋ ንገብር! ናብ ብዙሓት ሰባት ክተባጽሕዎ ንዕድም። ከም ናይ ብድምጽን ብቪድዮን ንኽትቀርጽዎ ነዚ ጽሑፍ ተጠቐሙ። ወይ'ውን ምስ ካልኦት ንኽትካፈልዎ ናብ ብዙሓት ቋንቋታት ተርጕምዎ። ነቶም ምንጭታት እዚ ሓበሬታ፡ ውመንስ ኮለጅ ሆስፒታል( Women's College Hospital) ፡ ኦካሲ( OCASI) ፡ ታይቡ ኮማዊ ማእከል ጥዕናን ናይ ስደተናታት 613 በጃኹም ክብሪ ሃብዎም (TAIBU Community Health Centre and Refugee 613)።

ካብ 14 ሚያዝያ 2021 ቅኑዕ ኢዩ።

**እቲ ኣብ'ዚ ቡለቲን ዘሎ ሓበሬታ ብሓካይም ካናዳ፡ መብ ራሺድ ኤም ዲን ተሓጋጋዚ ፕሮፌሰርን ኣብ ዩኒቨርሲቲ ቶሮንቶ፡ ሸኔሳ ረዲት ኤምዲን ለክቸረርን ኣብ ዩኒቨርሲቲ ቶሮንቶ፡ ከምኡ'ውን ኣይዛክ ኣይ ቦጎች ኤምዲን ተሓጋጋዚ ፕሮፌሰርን ኣብ ዩኒቨርሲቲ ቶሮንቶን ቅኑዕ መኧኑ ዝተረጋገጸ ኢዩ።**

{REFUGEE}613 | TAIBU COMMUNITY HEALTH CENTRE | OCASI Ontario Council of Agencies Serving Immigrants | WCH WOMEN'S COLLEGE HOSPITAL Healthcare | REVOLUTIONIZED

pchs Serving Diverse Communities | CSALC CHINESE AND SOUTHEAST ASIAN LEGAL CLINIC | MCIS LANGUAGE SOLUTIONS | Occupational Health Clinics for Ontario Workers Inc.